# ቤተክርስትያን ኣብ ግዜ ፈተና
# ካብ ታሪኽ እንታይ ንመሃር?

**ዲያቆን ብርሃነ ን ቆሞስ ተኸስተን**

**11 ሓምለ 2008**

ደብረብርሃን ቅድስት ስላሴ

ሲያትል

# ዓንዲ ማእከል ቤተክርስትያን
# ፍቕሪ እዩ

- አምላኽ **ፍቕሪ** ስለ ዝኾነ
- ቤተክርስትያን
  - ንኣባላታ ፍቕሪ
  - ንዝጸልእዋ ፍቕሪ
  - ንመናፍቓን ፍቕሪ

  - **ንኹሉ ፍቕሪ**
  - **ጽልእን ሕማቕ ሓሳብን የብላን**

# ስደትን ሰማእትነት ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን

- ቤ/ክ ብደም ክርስቶስ ምስተመስረተት ብደም ደቃ ኸኣ ተሃኒጻን ተዓቂባን ትነብር ኣላ።

- ፈተናን ሸግርን ኣብ ታሪኽ ቤ/ክ ሓድሽ ኣይኮነን እቲ ባርያ ካብ ጎይትኡ ኣይበልጽን

ዮሃ 15፡20

# ስደትን ሰማእትነትን ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን

- ከም በጊዕ ናብ ማእከል ተኹላታት እሰደኩም ኣለኹ። ደጊም ጠቢባን ከም ተመን የዋሃን ከም ርግቢ ኹኑ።
  - ክሳዕ መጨርስታ ዝዕገስ ንሱ ክዕወት እዩ።

ማቴ 10፥16-25

# ስደትን ሰማእትነትን ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን

- ካብ ክርስቶስ ዝጀመረ ሕጂ ዘሎ ንመጻኢ ክሳብ ምጽኣት ጎይታ ዝቕጽል
- እተን ናይ መጀመርያ ክልተ ዓበይቲ ግዜ ስደትን ፈተናን
  - ብዘበን ሃዋርያት
  - ብግዜ ግዝኣት ሮም

# ብዘበን ሃዋርያት ዝነበረ ፈተናን ስደትን

- ስቕለት ክርስቶስ
- ውግረተ እስጢፋኖስ ብእምኒ
- ስደት ክርስትያናት ብሳኦል
- ማእሰርትን ስደትን ሃዋርያት
  - ብጀካ ዮሃንስ ሃዋርያ ኩሎም ብሰማእትነት ካብዛ ዓለም ከምተፈልዩ ይንገር

# ስደትን ሰማእትነትን ክርስትያናት ብሮማውያን

- ኣብ ፈለማ ሮማውያን ኣብ መንጎ ኣይሁድን ክርስትያናትን ዝነበረ ፍልልይ ኣይፈልጡን ነበሩ።
- **20-30** ሺሕ ዝኾኑ ኣይሁዳውያን ነበሩ
- ብዙሓት ዓለማውያን ክርስትያናት ምስኮኑ ጽገማት ክቃላቕል ጀመረ።
- ካብ **60**ታት ኣትሒዙ ብዙሕ ህልቂት ንኣስታት **250** ዓመታት ሰዓበ

# ስደትን ስማእትነትን ክርስትያናት ብሮማውያን

- ጳውሎስ ኣብ መንጎ ክርስትያናትን ክርስትና ዝተቐበሉ ኣይሁድን ፍልልይን ባእስን ኣብዝነበረሉ እዋን እዩ ናብ ሮም ከይዱ።
  - ብዛዕባ ፍልልይ ከይተገደሰ ጳውሎስ ክርስቶስ ስለ ዝተሰበኸ ጥራይ ሕጉስ ነበረ።

ፊልጲ 1፡15-18

  - ንሕና ኸኣ ጥራይ ደኣ ክርስቶስ ይሰበኽ እምበር ብዘሕ ክንስከፍ የብልናን።

# መመኽነይታ ሰደት

- ንቄሳር ዘይምምላኽ
  - ኣምላኽነት ቄሳር ንግዝኣትን ርግኣትን ሮም ኣድላይ ነበረ
  - ኣብ ኩሉ ምምሕዳራት ቤተ መቕደስ ቄሳር ተመስረተ
  - ኹሉ ሰብ **“እወ ቄሳር ኣምላኽ እዩ”** ብምባል ኣብቲ መሰውኢ ዕጣን ንኸትክኽ ኣዋጅ ወጸ
  - እዚ ዝገበረ ፍሉይ ምስክር ወረቐት ተዋህበ
  - ድሕርዚ ድላዩ ከምልኽ ይኽእል

# ንቁሳር ዘይምምላኽ

- እዚ ንኽርስትያናት ዓቢ ፈተናን ሰማእትነትን ኣስዓበ
- ክርስትያናት ምእንቲ ቁሳር ደኣ ይልምኑ እምበር ናብ ቁሳር ጸሎት ከቕርቡ ኣይከኣልን
- ብArcheology ብዙሕ ንኣምላኽ ጥራይ ዝወሃብ ውዳሴን ምስጋናን ንቁሳር ይወሃብ ከም ዝነበረ ተረጋጊጹ ኣሎ

# ተወሰኽቲ ምኽንያታት ስደት

- ጣኦት ዘይምቕባል
  - ሮማውያን ብዙሓት ጣኦታት ነበርዎም
  - ክርስትያናት ነዚኦም ስለ ዘይተቐበሉ ዓቢ ስደትን መከራን ኣስዓበሎም
  - ኣንጻር ህዝቢ እዮም ዝብል ስያሜ ተዋህቦም

# ተወሰኸቲ ምኽንያታት ስደት

- ምስ ጣኣታት ዝተሓሓዝ ስርዓታት ዘይምቕባል
  - ንኣብነት
    - ንጣኦት ዝተሓርደ ሕሩድ ዘይምብላዕ
    - ንጣኦት ተባሂሉ ዝግበር ሳዕሳዒትን ዳንኬራን ዘይምስታፍ
    - ንኽብሪ ጣኦት ኣብ ዝግበር በዓላት ዘይምስታፍ

# ተወሰኽቲ ምኽንያታት ስደት

- ንጣኦታት ዘገልግል ስራሕ ዘይምስራሕ
  - ንኣብነት
    - ህንጻ ዝሃንጽ ክርስትያን ንጣኦት ዝኸውን ቤተመቕደስ ከይሃንጽ ምእባይ
    - ሰፋይ ክዳን ንጣኦት መሸፈኒ ከይሰፊ ምእባይ
    - ስነ ጥበበኛ ንቤተ መቕደስ ጣኦት ዝኸዎን ኣቑሑ ምስራሕ ምእባይ
    - መምህር ብዛዕባ ጣኦታት ከይምህር ምእባይ

# ተወሰኽቲ ምኽንያታት ስደት

- ንባርያ ነጻ ምግባርን ማዕረ ሰብ ምግባርን
  - ክርስትያናት ንባርያ ብግቡእ ይሕዝዎም ወይ ነጻ ይሰድዎም ነብሩ
  - ኣብ ቤተክርስትያን ማዕረ ካልእ ሰብ ይርእይዎም ነበሩ
  - ባራዩ መራሕቲ ቤተክርስትያን ክኾኑውን ተፈቒደሎም
  - ነዚ ሮማውያን ጨሪሶም ኣይተቐበልዎን

# ተወሰኽቲ ምኽንያታት ስደት

- ቖልዓ ምድርባይ
  - ሮማውያን ሕሙም ወይ ሕማቕ ቆልዓ ተኾይኑ ይድርብይዎ ወይ ይቐትልዎ ነበሩ
  - ክርስትያናት ነዚ ምስ ኣትረፍዎ ሮማውያን ደስ ኣይበሎምን

# ጠቓሚን ሓሶትን ኣብ ልዕሊ ክርስትያናት

- ሮማውያን ብዙሕ ሓሶታትን ጠቓሚን ኣብ ርእሲ ክርስትያናት ኣልዓሉ
  - ናይ ሰብ ስጋ ይበልዑ
  - ናይ ሓባር ግብረስጋ ይገብሩ
- ንዝኾነ ብተፈጥሮ ዝመጽእ ሓደጋ ብሰንኪ ክርስትያናት እዩ ዝመጽእ ኢሎም ሰብ ከም ዝጸልኣም ገበሩ


# ስደትን ሰማእትነትን ዘምጽኡ መራሕቲ ሮም

- ኣብ ውሽጢ 250 ዓመት 10 መራሕቲ ሮም እቲ ዝከፍኤ መከራን ስማእትነትን ኣብ ርእሲ ክርስትያናት ኣምጽኡ
- ጀማሪ ኔሮ
- ኣብ ግዜ ንጉስ ቖስጠንጢኖስ ከኣ ኣብቖዔ
- ኣብ 10ይ ዓመት ንግስነት ኔሮ ጳውሎስን ጴጥሮስን ሰማእትነት ብ61 ዓ.ም ተቐበሉ

# ኣቀታትላ ክርስትያናት

- ብዝጠመዩ ኣራዊት ከም ዝብልዑ ገብሩ። ነዚ ብዞሕ ህዝቢ ኣብ ዝተኣከበሉ ቦታ ብምኽያድ ከም መዘናግዒ ይጥቀምሉ ነበሩ
- ብቖርበት እንስሳ ሸፊኖም ንዝጠምዩ ኣኻልብ ይህብዎም ነበሩ
- ንክርስትያንት ብሂወቶም ከለዉ ኣብ ዝተተኸለ ሓጺን ኣሲሮም ብምንዳድ ከም ሽግ ምሽት ንመብራሂቲ ይጥቀሙሎም ነብሩ









እግዚአብሔር ኣፍ ኣንበሳ ዓጸወ





ክርስትያናት ብሓዊ ክነዱ ከለዉ



www.tewahdo.org




















www.tewahdo.org

# እንታይ ንመሃር

- ኣብዚ እዋን እዚ ፈተና ኣለና ኢልካ ምዝራብ ኣይከኣልን
- ናይ ቀደም ክርስትያናት ነቲ ፈተና ብሓጎስን ብፍሽኽታን ደስ ኢልዎም ይቕበልዎ ነበሩ ………………….ንሕናኸ?
- ክርስትያን ኣብ ፈተና ይብርትዕ ቤተክርስትያን ኸኣ ትዓቢ
- ኹሉ ሓላፊ እዩ

# መደምደምታ

ቤ/ክ ብደም ክርስቶስ ምስ ተመስረተት ብደም ደቃ ኸኣ ተሃኒጻን ተዓቂባን ትነብር ኣላ